# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 23 ዓመት ቍ.5 መቐለ
274/2008 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

23ኛ ዓመት ቁ.5 መቐለ
274/2008 ዓ/ም


<u>ቑፅሪ ኣዋጅ 274/2008</u>

<u>ንተጠቀምቲ ስድራ ተኮር ፓኬጅ ሓረስቶትን ኣብ ገጠር ዝነብሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን ዝውዕል ውሕስና ልቓሕ ንምሃብን ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ</u>

ኣብ መጠናኽሪ ስራሕቲ ፓኬጅ ንዝሕቆፉ ሓረስቶትን ኣብ ገጠር ንዝነብሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን ዘለዎም ሕፅረት ገንዘብ ብምፍታሕ ናብራኦም ክመሓየሽ ብፓኬጅ ስድራ ተኮር ክድገፉን ክጥቀሙ ኣድላይ ብምዃኑ

ሕፅረት ገንዘብ ንምፍታሕ ካብ ትካል ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ንዝውሰድ ልቓሕ ውሕስና ምሃብ ስለዘድሊ፣

ብውሕስና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ንዝህቦ ልቓሕ ክፍቀድ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

<u>ኣዋጅ ቁፅሪ 274/2008</u>

<u>ለቤተሰብ ተኮር ፓኬጅ ተጠቃሚ ኣርሶ ኣደሮችና በገጠር ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው ወጣቶች የብድር ዋስትና ለመስጠትና ለመወሰን የወጣ አዋጅ</u>

በማጠናከርያ ፓኬጅ ስራዎች ለሚታቀፉ አርሶ-አደሮችና በገጠር ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው ወጣቶች ያላቸውን የገንዘብ እጥረት በመፍታት ኑሯቸው ለመሻሻል በቤተሰብ ተኮር ፓኬጅ በመደገፍ እንዲጠቀሙ አስፈላጊ በመሆኑ

የገንዘብ እጥረት ለመፍታት ከደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ለሚወሰድ ብድር ዋስትና መስጠት ስለሚያስፈልግ፣

በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና የደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ለሚሰጠው ብድር እንዲፈቀድ ኣስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/ሀ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥተዋል።

ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ንተጠቀምቲ ፓኬጅ ስድራ ተኮር ሓረስቶትን ኣብ ገጠር ዝነብሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን ውሕስና ልቓሕ ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

ዓንቀፅ 2. ተለቃሕትን ውሕስና ዝውሃቦ መጠን ልቓሕን፣

"ተለቃሕቲ" እናተብሃሉ ዝፅውዑ ኣብ ስራሕቲ መጠናኸሪ ፓኬጅ ንዝሕቆፉ ተጠቀምቲ ሓረስቶትን ኣብ ገጠር ዝነብሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን (ተለቃሕቲ) ዝውዕል ብር 450,000.000.00/ ኣርባዕተ ሚኢቲን ሓምሳን ሚልዮን ብር/ ካብ " ኣለቃሓይ" ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ልቃሕ ንክወስዱ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

ዓንቀፅ 3. ኣፈፃፅማ እቲ ውሕስና፣

1. ኣብ መጠናኸሪ ዝሕቆፉ ሓረስቶትን ኣብ ገጠር ዝነብሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን ዝውዕል ልቓሕ ስድራ ቶኮር ፓኬጅ ኣመላልስኡ ውዕል ካብ ዝተፈረመሉ ዕለት ጀሚሩ ንኣርባዕተ/4/ ዓመት ዝፀንሕ እዩ፣
2. ተለቃሕቲ ዝተለቅሕዎ መጠን ገንዘብ ምስወለዱ ኣብ ዉዕሎም ዝተጠቐሰ ግዜ ውሽጢ ሙሉእ ብሙሉእ ክምልሱ ኣለዎም፣



አንቀፅ 1.አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "በቤተሰብ ተኮር ፓኬጅ ተጠቃሚ አርሶ-አደሮችና በገጠር ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው ወጣቶች የሚሰጥ ብድር ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ" ተብሎ ይጠራል።

አንቀፅ 2.ተበዳሪዎችና ዋስትና የሚሰጥበት የብድር መጠን

"ተበዳሪዎች" እየተባሉ የሚጠሩ በማጠናከርያ ፓኬጅ ስራዎች ለሚታቀፉ አርሶ-አደሮችና በገጠር ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው ወጣቶች የሚውል ብር 450,000,000.00/አራት መቶ ሃምሳ ሚልዮን ብር/ "ከአበዳሪ" ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ እንዲበደሩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና ሰጥቷል።

አንቀፅ 3. የዋስትናው አፈፃፀም

1. በማጠናከርያ ስራ ለሚታቀፉ አርሶ-አደሮችና በገጠር ለሚኖሩ መሬት የሌላቸው ወጣቶች የሚሰጥ ለቤተሰብ ተኮር ፓኬጅ ብድር አመላለሱ ውሉ ከተፈረመበት ቀን ጀምሮ ለአራት /4/ዓመት የሚቆይ ይሆናል፣
2. ተበዳሪዎች የተበደሩት የገንዘብ መጠን ከነወለዱ በውላቸዉ በተጠቀሰው ጊዜ ውስጥ ሙሉ በሙሉ መመለስ አለባቸው፣

3. መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልሳ ልቓሕን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ብዝኣተውዎ ሰነድ ስምምዕነት ይውሰን ፣

4. ወረዳ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ወረዳ ኣማሓዳርን በብርኩ ምስዘለዉ ተለቃሕቲ ውዕሊ ብምእሳር ተጠቀምቲ ይምልምሉ፣ ልቓሕ ይህቡ ፣ ክምለስ ይገብሩ።

## ዓንቀፅ 4. ግቡእ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

1. ኣብዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 2 ዝተጠቀሰ ሕልው ኮይኑ ተለቃሕቲ ዝተለቅሕዎ ገንዘብ ምስ ወለዱ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብእዋኑ ክምለስ እንተዘይኪኢሉ ካብ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ብዝቐርብ ንፁር መረዳእታ ካብ በጀት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተቐኒሱ ዝኽፈል ይኸውን፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብመሰረት ማንዋል ኣብ ዝግበር ስምምዕነት ይውሰን፣

2. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘይተመለሰ ልቓሕ ብደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ኣቢሉ ክምለስ ብምግባር ዝተመለሰ ውዝፍ ልቓሕ ናብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይ ዝኣተወ ምዃኑ ክትትል ይገብር፣

3. ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ንመንግስቲ ክልል ወኪሉ ልቓሕ ኣብ ምሃብ ይኹን

3. የወለድ መጠንና ብድሩ የሚመለስበት አገባብ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ከደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ጋር በሚያደርጉት የስምምነት ሰነድ ይወሰናል፣

4. የወረዳ ግብርናና ገጠር ልማት ፅሕፈት ቤትና ወረዳ አስተዳዳሪ በየደረጃው ካሉ ተበዳሪዎች ጋር ውል በመዋዋል ተጠቃሚዎችን ይመለምላሉ፣ ብድር ይሰጣሉ፣ እንዲመለስ ያደርጋሉ።

## አንቀፅ 4. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ግዴታ

1. በዚህ ኣዋጅ አንቀፅ 2 የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ ተበዳሪዎች የተበደሩት ገንዘብ በሙሉ ወይም በከፊል በጊዜው መመለስ ካልተቻለ ከደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ በሚቀርበው ግልፅ መረጃ መሰረት ከትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በጀት ተቀንሶ የሚከፈል ይሆናል፣ዝርዝር አፈፃፀሙ በማንዋል መሰረት በሚደረግ ስምምነት ይወሰናል፣

2. የክልሉ መንግስት ያልተመለሰ ብድር በደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ በኩል እንዲመለስ በማድረግ የተሰበሰበ ውዝፍ ዕዳ ለትግራይ ክልል እቅድና ፋይናንስ ቢሮ ገቢ መሆኑን ክትትል ያደርጋል፣

3. የግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ክልል መንግስትን በመወከል ብድር በመስጠትና

ብእዋኑ ኣብ ምምላስ ሓላፍነት ወሲዱ ይከታተል።

**ዓንቀፅ 5. ግቡእ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ**

1. ኣብ ዝተነፀረ እዋን ልቓሕ ምቕራብ፣ ዝርዝሩ ብዝግበር ስምምዕነት ይውሰን፣
2. ብመሰረት ውዕል ዘይተመለሰን ዝተወዘፈን መጠን ልቓሕን ሽም ዝርዝር ተለቃሕትን የፍልጥ ፣
3. ብምኽንያት ውዝፍ ካብ መንግስቲ ዝተቆረፀ ገንዘብ በብወርሑ ዝተኣከበ ገንዘብ ኣብ መወዳእታ እቲ ወርሒ ኣኪቡ ናብ ክልል ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ኣታዊ ይገብር ።

**ዓንቀፅ 6. ተፈፃምነት እዚ አዋጅ**

እዚ ኣዋጅ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዘፅደቐሉ ዕለት ጥሪ 25/2008ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸዉን።

**ኣባይ ወልዱ**

**ፕረዚዳንት**

**ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**<u>መቐለ</u>**

መመለስ ሃላፊነት ወስዶ ይከታተላል።

**አንቀፅ 5. የደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ግዴታ**

1. በተቀመጠው ጊዜ ሰሌዳ መሰረት ብድር ማቅረብ፣ ዝርዝሩ በሚደረግ ስምምነት ይወሰናል ፣
2. በውሉ መሰረት ያልተመለሰና ውዝፍ የብድር መጠንና የተበዳሪዎች ስም ዝርዝር ያሳውቃል፣
3. ብድሩ በወቅቱ ባለመመለሱ ምክንያት ከመንግስት የተቀረጠ ገንዘብ በመሰብሰብ በየወሩ ለዕቅድና ፋይናንስ ቢሮ ገቢ ያደርጋል ።

**አንቀፅ 6. የአዋጁ ተፈፃሚነት**

ይህ ኣዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ከፀደቀበት ጥር 25/2008 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**ኣባይ ወልዱ**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት**

**ፕሬዝዳንት**

**<u>መቐለ</u>**